

# ስድራቤት ኣሕመድ ብትሪ እንጠልቦ

**ጌጋ ተርድኦ ንምውጋድ ብዝያዳ መግለጺ ክነቕርብ ንደሊ**

1. **ብዘይ ናትና ፍቃድ**: እቲ መጽሓፍ ንማሕበራት: ትካላት ወይ ውልቀ-ሰባት ክሸየጥ: ብልቓሕ መልክዕ ወይ ህያብ ክዕደል የብሉን። ብርክት ዝበሉ ሰባት እቲ መጽሓፍ ንወልቀ ሰባት **በዘይ ኣፍልጦና** ከምዝተዘርገሐ ኣረጋጊጾምላና ኣለዉ። ንሕና ቤት-ሰብ ኣሕመድ ብዕሊ ክንገልጾ እንደሊ እንተሎ: እቲ መጻሕፍቲ ከምዝተዘርገሐን ንመን ከምዝተዋህበን ዝኾነ **ይኹን ኣፍልጦ የብልናን**። እዚ ጉዳይ እዚ: ከም ሰብና ብመንገዲ ሶሺያል መዲያ ክንፈልጦ ክኢልና

2. እቲ መጻሕፍቲ **ብቐጥታ ካብ ቤት ማሕተም ናብ ናይ ገዛና ኣድራሻ** ክስደድ ኣለዎ። ብዘይ ናትና ስምምዕ መመረቕታ ክካየድ የብሉን። ንሕና ስድራቤት

ኣሕመድ ናብ ዕዳጋ ምውራዱ እቶም እንኮ ሓላፍነት ዘሎና ኢና። ክሳብ ሕጂ ዝተርከብናዮ እንተሎ: ሓንቲ መነጻጸሪ ቅዳሕ ናይታ መጽሓፍ ጥራይ እዩ። ኣዚ ቅድሚ ሰለስተ ማዓልታት ምኻኑ እዩ። እቲ ዝተረፈ መጻሕፍቲ ጌና ኣብ ቤት ማሕተም ኣብ ግብጺ ከምዘሎ ነረጋግጽ ዝብል ሓበሬታ ተዋሂቡና እቲ ሕቶ: ስለምንታይ ንህዝቢ ብዝተፈላለያ ሶሻል ሜድያ እታ መጽሓፍ ተሓቲማ ከይተወደአት: ከምዝተወደአት ሓበሬታ ተዘርጊሑ ? ስለምንታይ ንህዝቢ ስሑት ሓበሬታ ክወሃብ ተደልዩ ? ስለምንታይ ናትና ጠለብ ክትግበር ዘይተደልየ ?

3. ብተሌፎን ይኹን ብጽሑፍን ካልእ መራኸብን ዝበጻሓና **ታህዲዳት** ኩሉ ንፖሊስ ዝግደፍ ዕማም ክኸውን እዩ
4. ብዙሕ ኣወንታዊ ደገፍን ሃናጺ ሓሳባትን እውን ተቀቢልና ኢና። በዚ ኣጋጣሚ ክነመስግን ንደሊ

5. ዘይትዕድልቲ ኮይኑ: ብሰንኪ ጻዕቂ ምድዋል ንኩሉ ዝድወለልና ክንምልስ ተኽእሎ የለን። ስለዚ ክትረኽቡና እትደልዩ በዚ ዝስዕብ e-mail: FamilyAhmed2019@outlook.com ርኸቡና ። ብዝከኣል መጠን ቀልጢፍና ክንምልስ ክንጽዕር ኢና። እንተኾነ እዚውን ግዜ ስለዝወስድ ኣቐዲና ይቕሬታ ንብል።
6. ንጉዳይና ብዝምልከት ሓድሽ ሓበሬታ ምስ ዝህልወና: ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ቶጎሩባ www.togoruba.org ክንዝርግሖ ኢና

ንትዕግስትኹምን ተጻዋርነትኩምን ነመስግን